ኣዋጅ ቁጽሪ 178/2016

ግብሪ ካብ ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ንምእካብ ዘወጸ ኣዋጅ

ክፍሊ ሓደ

ሓፈሻዊ

ዓንቀጽ 1 - ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ኣዋጅ'ዚ "ካብ ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ግብሪ ንምእካብ ዘወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 178/2016" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

ዓንቀጽ 2 - ዝተሰረዙ ሕግታት

ግብሪ ካብ ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ንምእካብ ዘወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ

63/1994 ከምኡ'ውን እዩም ክሱብ ሕጂ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣብ ልዕሊ ግብሪ ካብ ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ተፈጸምቲ ዝጸንሓ ኣዋጃት። ሕጋጋትን መምርሒታትን ብምሉኦም ተሰሪዞም በዚ ኣዋጅ'ዚን ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝወጹ ሕጋጋትን ተተኪኦም ኣለው።

ዓንቀጽ 3 ትርጉም

ኣተኣታትውኦም ካልእ ትርጉም ዘውህቦም እንተዘይኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅ እዚ፦

1 "ሕርሻዊ ስርሓት" ማለት ኑቲ ኣብ ገጠር ዘሎ መሬት ብዝኾነ ኣገባብን ማስርሕን ምሕራስ ወይ ምልማዕ ዝኾነ ዓይነት ኣእካል ምፍራይን እንስሳ ዘቤት ምርባሕን ማለት ኮይኑ ዝም ዝስዕቡ ግን ኣይሓቁፍን፦

ሀ. ኣግራብን ጫካታትን ንስራሓት ዕንጨይቲ ምውዓል።

ለ. ንሕርሻዊ ፍርያት ምምስራሕ ወይ ምቕያር።

ሐ. ብመሰረት ንግዳዊ ሕጊ ኤርትራ ኣብ ስርሓት ንግዲ ተመዝጊቦ ብጓዳይ ወይ ትካል ንግዲ ዘካይድ ወይ ዝሰርሕ ኢዩ ተባሂሉ ዝውሰድን ዝገመትን ቀንዲ ስርሑ ምስ ሕርሻ፣ ግረብ፣ ምርባሕ ከብቲ ወይ ምዕቃብ ልሙዕ መሬት ዝዛመድ ካልእ ንጥፈታት ምኽያድ።

መ. ዝቤታዊ ኣገልግሎት ዝውዕል ምፍራይ ወይ ምርባሕ እንስሳታት።

2. "ሚኒስተርን ሚኒስትሪን" ማለት ሚኒስተርን ሚኒስትሪን ፋይናንስ ማለት ኢዩ።

3. "ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር "ማለት ግብሪ ካብ ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ንምእካብ ብሚኒስተር መዚ ዝተዋህቦ ኣካል ማለት ኢዩ።

4 "ኣካቢ ግብሪ" ማለት ግብሪ ካብ ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ንምእካብ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መዚ ዝተዋህቦ ኣካል ማለት ኢዩ።

5 "መሬት ገጠር" ማለት ካብ ምምሕዳር ወይ ክሊ ከተማ ወጻኢ ዝርከብ ዝኾነ መሬት ማለት ኢዩ።

6 "እንስሳ ዘቤት" ማለት ንገመል፣ ከብቲ፣ መጻዓኛን ጤለ በጊዕን ማለት ኢዩ።

7 ንዓቐን መሬት ብዝምልከት

ሀ. ሓደ ሄክታር ማለት ኣርባዕተ ጸምዲ ብዕራይ ዘውዕል ናይ ሕርሻ መሬት ማለት ኢዩ

ለ. ሰለስተ ርብዒ ሄክታር ማለት ሰለስተ ጸምዲ ብዕራይ ዘውዕል ናይ ሕርሻ መሬት ማለት ኢዩ

ሐ. ፍርቂ ሄክታር ማለት ክልተ ጸምዲ ብዕራይ ዘውዕል ናይ ሕርሻ መሬት ማለት ኢዩ

መ. ርብዒ ሄክታር ማለት ሓደ ጸምዲ ብዕራይ ዘውዕል ናይ ሕርሻ መሬት ማለት ኢዩ

ክፍሊ ክልተ

ግብሪ ኣታዊ ካብ ሕርሻ ገጠር

ዓንቀጽ 4 ኣገማምታን ኣከፋፍላን ግብሪ

ዝኾነ ሰብ ብውልቂ ወይ ብጉጅለ፦

1. ልምዳዊ ሕርሻዊ ስርሓት ንምኽያድ (መሬት) ዝተዋህቦ ዘለዎ ንፍስ ወከፍ ሓደ ሄክታር 150 ናቕፋ (ሚእትን ሓምሳን ናቕፋ) ዓመታዊ ኣታዊ ግብሪ መሬት ይኸፍል።

2. ካብ ልምዳዊ ሕርሻዊ ስርሓት ወጻኢ ፍቓድ ንግዳዊ ሕርሻ ዘይተዋህቦ ግን ንግዳዊ ጠባዩ ዘለዎ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዘካይድ። ኣብ ልዕሊ ኣብዚ ዓንቀጽ'ዚ ንኡስ ዓንቀጽ

1. ዝኸፈል ተወሳኺ ንፍስወከፍ ርብዒ ሄክታር 150 ናቕፋ (ሚእትን ሓምሳን ናቕፋ) ዓመታዊ ኣታዊ ግብሪ መሬት ይኸፍል።

ክፍሊ ሰለስተ

ግብሪ እንስሳ ዘቤት

ዓንቀጽ 5 ኣገማምታን ኣከፋፍላን ግብሪ

1. ብዘይካ ንጠበውቲ፣ ግብሪ እንስሳ ዘቤት ኣብ ዓመት ብፍሲ-ወከፍ ጥሪት ይኽፈል።

2. ግብሪ ብፍሲ- ወከፍ ጥሪት ኣብ ምስላዕ ብፍቕዲ ንምርግጋጹ ኣብ ዘጸግም ኩነታት። እታ ዝተመዝገበት ናይቲ ቦታ ሽማግለ ዓዲ ብዝሃቦ ግምት ይሰላዕ።

ዓንቀጽ 6 ምጣኔ ግብሪ

ግብሪ እንስሳ ዘቤት ብመሰረት ሰሌዳ "ሀ" ብኸምዚ ዝስዕብ ይኽፈል፦

ሰሌዳ "ሀ"

ግብሪ ካብ ገመል፣ ከብቲ፣ ፈረስ፣ በቕሊ፣ ኣድግን ጤለ ብጊዕን

ተ.ቁ	ዓይነት እንስሳ	ንፍሲ-ወከፍ እንስሳ ዝኽፈል ግብሪ
1	ገመል	ናቕፋ 100
2	ከብቲ፣ ፈረስን በቕልን	ናቕፋ 50
3	ኣድጊ	ናቕፋ 25
4	ጤለ በጊዕ	ናቕፋ 13

ክፍሊ ኣርባዕተ

ሓበሬታዊ ድንጋገታት

ዓንቀጽ 7 ግዜ ምኽፋል ግብሪ

1. ብክረምቲ ክብየን ምዕራባዊ መታሕትን ዝጥቀም ሓረስታይን ዋና ጥሪትን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ካብ መጀመርያ ወርሒ ታሕሳስ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ለካቲት ኣብ ዘሎ ግዜ ስፍሓት ዝጥቀመሉ መሬትን ዘለዎ ዓይነት ብዝሒ ጥሪትን ሽማግለ ዓዲ ብሰሌዳ ብዘስለዓሉ ግብሪ ይኸፍል።

2. ብክረምቲ ባሕሪ ዝጥቀም ሓረስታይን ዋና ጥሪትን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ካብ መጀመርያ ወርሒ መጋቢት ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ግንቦት ኣብ ዘሎ ግዜ ዝጥቀመሉ ስፍሓት መሬትን ዓይነት ብዝሒ ጥሪትን ሽማግለ ዓዲ ኣብ ሰሌዳ ንዘስፈረ ኣገባብ ተኸቲሉ ንዘስለዓሉ ግብሪ ይኸፍል።

ዓንቀጽ 8 ኣገባብ ኣሰላልዓን ኣተኣኻኽባን ግብሪ

1. ምስላዕን ምእካብን ግብሪ ካብ ሕርሻዊ ስርሓት ብደረጃ ዓዲ ብኣማሓዳሪ ዓድን ካልኦት ክልተ /2/ ብዓዲ ዝተመዘዙ ሽማግለታትን ይኸውን።

2. ኣገባብ ኣሰላልዓን ኣተኣኻኽባን ግብሪ። ሚኒስተር ብዘውጽኦ ሕጋጋት ይግለጽ።

ዓንቀጽ 9 መሰል ይግባይ

1. ሓረስታይ ወይ ዋና ጥሪት ካብ ሕርሻዊ ስርሓት ዝተሰልዓሉ ግብሪ ምስ ዘይሰማማዓሉ ካብቲ ክኸፍሎ ዝተወሰነሉ ግብሪ ካብ ሚእቲ ሓምሳ /50%/ ብምትሓዝ ካብ ዝተወሰነሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ ናብ ንኡስ ዞባ ኮሚቴን ግብሪ ይግባይ ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል።

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀጽ 1 ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ ይግባይ ዘቕረበ ሓረስታይ ወይ ዋና ጥሪት ዝተሰልዓሉ ግብሪ ናይ መወዳእታን ቅቡልን ተወሲዱ ተፈጻሚ ይኸውን።

3. ሀ. ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ወይ ይግባይ በሃሊ ብንኡስ ዞባ ኮሚቴን ግብሪ ይግባይ ንዝተዋህበ ውሳኔ ናይ ሕጊ ትርጉም ጌጋ ኣለዎ ዝብል እምነት ምስ ዝህልዎም ካብቲ ውሳኔ ዝተዋህበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ ናብ ቤት ፍርዲ ዞባ መረረ ይግባይ ከቕርቡ ይኽእሉ፣

ለ. ኣብዚ ዓንቀጽ'ዚ ንኡስ ዓንቀጽ 3(ሀ) ዝተጠቕሰ ይግባይ ክቐርብ ዝኽእል ብንኡስ ዞባ ኮሚቴን ግብሪ ይግባይ ዝተወሰነ ብምሉኡ ምስተኸፍለ ጥራይ ይኸውን።

ሐ. ቤት ፍርዲ ዞባ ንኸፋል ግብሪ ዘድግፍ ውሳኔ ምስዝህብ ብዘይዳ ዝተኸፍለ ሕሳብ ይምለስ።

መ. ናይ ቤት ፍርዲ ዞባ ውሳኔ ናይ መወዳእታን ይግባይ ዘይብሉን ይኸውን።

ዓንቀጽ 10 መቕጻዕቲ

ሓረስታይ ወይ ዋና ጥሪት ዝተሰልዓሉ ግብሪ ክኸፍሎ ኣብ ዝተመደበሉ እዋን ምስ ዘይከፍል፡ ኣብ ወወርሒ ካብ ሚእቲ ዓሰርተ /10%/ ክሳብ ሓምሳ ካብ ሚእቲ /50%/ ናይቲ ዝተሰልዓሉ ግብሪ ዝጸንሕ ይቕጻዕ።

ዓንቀጽ 11 ኣገባብ ኣፈጻጽማ ውሳኔ

1. ሓረስታይ ወይ ዋና ጥሪት ዝተሰልዓሉ ግብሪ ንምኽፋል ፍቓደኛ ምስዘይከውን ናብ ባይቶ ዓዲ ተኸሲሱ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ /15/ መዓልቲ ዝድለዮ ግብሪ ምስ መቕጻዕቲ ይኸፍል።

2. ኣብዚ ዓንቀጽ'ዚ ንኡስ ዓንቀጽ 1 ዝተዋህበ ውሳኔ ዘይማልኡ ውሳኔ ካብ ዝተዋህቦሉ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ /15/ መዓልቲ ናብ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ንኣፈጻጽማ ይኽሰሱ።

3. ባይቶ ዘይተመስረቶ ዓዲ ከጋጥም ከሎ ንኣፈጻጽምኡ ናብ ዝቐረበ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ይኽሰሱ።

ዓንቀጽ 12 ገበናዊ መቕጻዕቲ

1. ዝኾነ ሓረስታይ ወይ ዋና ጥሪት
ሀ. ምልእን ግቡእን ሓበሬታ ዘይሃበ፣
ለ. ግብሪ ከይእከብ ዘዐናቐፈ
ሐ. ሓበሬታ ንምሃብ ፍቓደኛ ዘይኮነ ወይ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዝሃበ ብመሰረት ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይቕጻዕ።

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀጽ 1 ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝወሰነ ገበናዊ መቕጻዕቲ ክኸፈል ዝግብኦ ግብሪ ወይ መቕጻዕቲ ክስረዝ ወይ ክነድል ኣይክእልን።

ዓንቀጽ 13 ኣበል

1. ብደረጃ ዓዲ፣ ግብሪ ንክትእክብ ዝተመዘዘት ሽማግለ ናይ ድኻም ዋጋ ካብ ሚእቲ ዓሰርተ (10%) ባዕላ ካብ ዘኣከበቶ ግብሪ ከም ኣበል ካብ ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ወይ ንሱ ዝወከሎ ይኽፈላ።

2. ኣብዚ ዓንቀጽ'ዚ ንኡስ ዓንቀጽ 1 ዝተጠቕሰ ኣበል ዝኽፈል፡ ዝደለ ግብሪ ብምሉኡ ንቤት ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ኣታዊ ምኻኑ ምስ ተረጋገጸ እዩ።

ዓንቀጽ 14 ፍሉይ ሓላፍነት

ኣማሓዳሪ ዞባ፣ ኣብ ዞባኡ ግብሪ ካብ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ናይ ምእካብ ምሉእ ሓላፍነት ኣለዎ።

ዓንቀጽ 15 ስልጣን ሚኒስተር

1. ሚኒስተር ንኣፈጻጽማ ናይዚ ኣዋጅ እዚ ዝምልከት ሕጋጋት ከውጽእ ይኽእል።

2. ሚኒስተር ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ግብሪ ንክኸፍል ንዝተወሰኑ ከፋል ግብሪ ብቑዕ ምኽንያት ብምሉኡ ወይ ብኸፊሉ ሕድገት ክገብር ይኽእል።

3. ብሰንኪ ክሊማዊ፣ ባህርያዊ፣ ወይ ሰብ ሰርሖ ሓደጋታት ሓረስቶት ወይ ሰብ ጥሪት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ክኸፍልዎ ዝግብኦም ግብሪ ክኸፍሉ ከምዘይክእሉ ሚኒስተር ምስ ዝኣምን፣ ምስ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ብምምኽኻር ብምሉኡ ወይ ክፋሉ ሕድገት ንኽግበረሎም ናብ መንግስቲ ኣቕሪቡ የወስን።

ዓንቀጽ 16 መሰጋገሪ ሕጋጋት

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ግብሪ ቅድሚ ምውዓሉ ክኽፈል ዝግብኦ ንዝጸበረ ግብሪ ኣታዊ ካብ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ከይተኸፈለ ዝጸንሐ ሓረስታይ ወይ ዋና ጥሪት ብመሰረት ክሰርሓሉም ዝጸንሐ ሕጋጋት ይኸፍል።

ዓንቀጽ 17 ኣዋጅ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ግዜ

እዚ ኣዋጅ እዚ ካብ 1 ታሕሳስ 2016 ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ 1 ታሕሳስ 2016
መንግስቲ ኤርትራ።

ሕጋዊ ምልክታ 125/2016

ሕጋጋት ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን

ዓንቀጽ 1 - ዘውጽኦ በዓል መዚ

እዚ ሕጋጋት እዚ ብመሰረት ግብሪ ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ንምእካብ ዘወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 178/2016 (ሰዒቡ "ኣዋጅ" ተባሂሉ ዝጥቀስ) ዓንቀጽ 15(1) ንሚኒስተር ፋይናንስ ዝተዋህቦ ስልጣን ዝወጸ ሕጋጋት ኢዩ።

ዓንቀጽ 2 - ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ሕጋጋት እዚ "ሕጋጋት ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ቁጽሪ 125/2016" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

ዓንቀጽ 3 - ዝተሰረዙ ሕጋጋት

እቲ ኣቐዲሙ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ሕጋጋት ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 21/1994 ብመሰረት ዓንቀጽ (2) ናይቲ ኣዋጅ ተሰሪዙ ስለዘሎ በዚ ሕጋጋት'ዚ ተተኪኡ ኣሎ።

ዓንቀጽ 4 - ምእካብ ግብሪ

ብመሰረት ዓንቀጽ 3(3) ናይቲ ኣዋጅ ትግባረን ኣተኣኻኽባን ኣፈጻጽማን ግብሪ ካብ ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ስልጣንን ሓላፍነትን ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ይኸውን።

ዓንቀጽ 5 - ምስላዕ ግብሪ

1) ብመሰረት ዓንቀጽ 5(2) ናይቲ ኣዋጅ ሽማግለ ዓዲ ናይ ከፋሊ ግብሪ እንስሳ ብምቁጻር ግብሪ እንስሳ ዘቤት ይስልዕ።

2) ዝኾነ እንስሳ ዘቤት ዘለዎ ሰብ ወይ ጉጅለ ግብሪ ብዝምት ክኸፍል ክፍቀደሉ ምስ ዘመልክት ሽማግለ ዓዲ ክኸፈል ዝግብኦ ግብሪ ብዝምት ክትሰልዕ ትኽእል።

ዓንቀጽ 6 - ምምላእ ቅጥዒ

1) ብሽማግለ ዓዲ ዝተኣከበ ግብሪ ምስዚ ሕጋጋት እዚ ተተሓሒዙ ኣብ ዝርከብ ቅጥዒ፣ ቁጽሪ 1 ይምላእ። ቅዳሑ ድማ ኑዩም ዝኸፈሉ ሓረስቶት ይወሃብ።

2) ዝርዝር ኣስማት ከፈልቲ ግብሪ ምስዚ ሕጋጋት እዚ ኣብ ዝተተሓሓዘ ቅጥዒ፣ ቁጽሪ 2 ብሽማግለ ዓዲ ተመሊኡ ናብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ይመሓላለፍ።

3) ሽማግለ ዓዲ ዘኣከቦቶ ግብሪ ኣብ ንኡስ ዞባ ንዝርከብ ወኪል ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ወይ ወኪል ምስ ዘይህሉ ንምምሕዳር ንኡስ ዞባ ተረክብ።

4) ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ካብ ሽማግለ ዓዲ ዝተረከቦ ግብሪ ቅብሊት ትሀብን እቲ ገንዘብ ከኣ ኣብ ዞባ ንዝርከብ ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ተረክቦ።

ዓንቀጽ 7- መዝገብትን ቅጥዕታትን

ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ወይ ንሱ ዝወከሎም ኣብ ምስላዕን ምእካብን ግብሪ ኣድላዪቲ ዝኾኑ መዛግብትን ቅጥዕታትን ንሽማግለ ዓድን ምምሕዳር ንኡስ ዞባን የቕርብ።

ዓንቀጽ 8

ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ዞባን ብመሰረት ኣዋጅ ናይ ዝኽፈል ግብሪ ኣብ ምእካብ ዝኸበርኦ ወጻኢታት ብባጀቶም ይሽፈኑ።

ዓንቀጽ 9

እዚ ሕጋጋት እዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ 1 ታሕሳስ 2016
ብርሃ ሃብተማርያም፣
ሚኒስተር ፋይናንስ።